# ታሪኽ ኣፍ ኣሎዎ ይዛረብ`ዩ።

# ====////====////====

`ታሪኽ ኣፍ ኣሎዎ ይዛረብ`ዩ፥ከም ክልተ ዝኣፉ ሴፍ'ውን ሓቅን ሓሶትን ይፈልይ`ዩ።' ዝብልዎ ኣበዋት እማን ክትርዕሞን ሓንጎፋይ ኢልኻ ክት`ቕበሎን ዝገበር ብዙሕ ሳዕ ተራእዩን ተሰሚዑን እዩ።ብዛዕባ ታሪኽን ስለ ታሪኽን ብዙሕ ክበሃል ይከኣል እዩ፤እንተኾነ ኣሒፀር ከብሎ ክ`ቕሰብ'የ።

ከም ከማይ ተኰይኑ፥ብዛዕባ ታሪኽ ዓዲ፣ሃገር፣ዉድብ ኰነ ሃይማኖትን ብዙሕ ሰሃሮ ገይረ ክጽሕፍ ኣይረድይን እየ ነይረ።ንገለ-ገለ ጸሓፍቲ ታሪኽን ዓበይቲ ምሁራንን ዝብሎም ወከፋት ኸኣ፥ ቕድሚ 15 ዓመት ኣቢሉ ኣብ ወግዕታትና መሰረት ገይረ ክውከሶም ከለኹ ነዙይ ዝስዕብ ክነግሩኒ እዝክር'የ።

`ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝበዝሑ መንእሰያት ኣብ'ዙይ ጊዜ`ዚ፥ብዛዕባ ታሪኽ ውልቐ-ሰባት ሃንቃ ገይሮም ክጽሕፉ ከም ዝፈትዉን ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ (ዩኒቨርስታት) ተኰነ ነዚ ዝሰማማዕ መፅናዕታትን ምርምራትን ከም ዘሎ ዝርዕም'ዩ።'-ነዙይታትን ካልእ ኣልዒሎም፥ ኣውሲኦሙለይ ብምንባሮም እዝክር`የ።

ነዚ ርእይቶታትን ሓሳባትን ኰነ ባህጊ ናተይ ገይረ ኸኣ፥ኣብ ዝሓለፉ ገለ ዓመታት፥ጭሩ ብዓ`ቕማ ትሕጎም ከም ዝበሃል፥ብታ ንእሽትለይ ዓ`ቕመይ ታሪኽ ዉልቀ-ሰባት ክፅሕፍ እፍትን ነይረ'የ።

እንተ`ኾነ ግን ከም'ቲ ንጉሥ ሰሎሞን "ጊዜ ለኩሉ!" ዝበሎ ኰይኑ ኸኣ፣ሓንሳብ ሓንሳብ ዓይንኻ እናረኣኻ ክትዝመትን እንሓንሳብ ድማ 'ተዓመተልና እሞ ክነሽክዓኻ ወይ ክንሕምለኻ!' ዝብል ብሂል ተኰል`ኺሎም ድላዮም ክገብሩን ክፅሕፉን ስ`ቕ (ትም) ኢልኻ ምዕዛብ ብታሪኽን ብሕልናን ተወቃሳይ ኢ`ኻ ት`ኸውን ዝብል እምንቶ ሒዘ ምህላወይ ወስ ክብል ተቐሲበ ኣሎ`ኹ።

ኣብ`ዙይ ከም`ዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት ድማ እንተስ ብዕድመ እንተስ ጉዳይ ጸገም ምርኣይ ዓይኖም ኣጋጢምዎም ዝፈልጥዎ ክፅሕፉን ክምስክሩን ዝክእሉ ሰባት ክትርእይ ከሎኻ ድርብ ዕዳ ይ`ኾነኻ'ዩ።ኣብ ጉዳይ ወልቃይት ኣድሂቦም ክፅሕፍን ዝፈልጠ ነገረ ተሃልዩ ክሓናጥጥ ዝላበዉኒ ፈተውተይን መ`ቕርበይን ዝኰኑ ኣርካናት ኣቦታት ኣሎዉ እዮም።

ነዙ'ይ ይመስል ትማሊ መምህር ግርማይ ገብረጻድ`ቕ ደዊሎም~"ኣብ ጉዳይ ወልቃይት ሓድሽ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ ኣሎዉ እሞ እስክ ርኢ`ኻ ዝግበር ግበር ኢ`ኻ።ካብ'ዙይ ዝዓቢይ ጉዳይ እንታይ ኣሎ ኢልኻ ኢ`ኻ!~"-ቢሎም ተማሕፀኑኒ።

ምስ መምህር ግርማይ፥ኣብ ብዙሕ ሓሳብ ኰነ ኣብ ጉዳይ ታሪኽ ኣብ ብዙሕ ኵርንዓትን ርእየታትን፥ስለ ንረኣዳዳእ ይ`ኹን ንሶም ድማ ብሰሪ ኣማዕቢሎሞ ዘሎዉ ፀገም ብርሃን ዓይኖም፥ እቲይ `ኹሉ ፍልጠትን ተመ`ክሮን ሒዞም ከም ባህታ ልቦም ክፅሕፉ ብዘይምክኣሎም፣እታ ዝክእላን ንያዖም ሰሃሮ ልቦም ተመልኣትሎምን-ቢለ እዛ ትስዕብ ጽሕፍትን ኣብ ቀፃልን ክሓናጥጥ ተበጊሰ ኣሎ`ኹ እብል።

በሉ እምበኣር፥ንሎሚ ክልተ ታሪኻዊ መሰረት ዘሎዎ ጽሑፋት ምንም'ኳ ኣንቢብክዎም ወይ ርኢ`ኽምዎ ት`ኾኑ ኢ`ኹም ዝብል እምንቶ ተሃለወኒ፤እንተ`ኾነ ብጥርንፍ ኣገባብን ገለ ስምዒታት ኰነ ሓሳብን ብምውሳኽ ንዝመፅእ ብሰፊሑ ንምጽሓፍ ድሌት ዘሎዎም ባእታታት፥ገለ እትዋት ይ`ኸውን እዩ ካብ ዝብል ምኽኑ ከስመረሉ እፈቱ።

መደበር ተለቪዥን ክልል ኣምሓራን ብዓንደ-ርእሱ ድማ ትካል ማዕከን ብዙሓት ኣምሓራ፡ ብዙሕ ሻብ ኣብ ጉዳይ ታሪኽ ኣድሂቡ መደባት ናብ ሰማዕቶም ወይ ተመልከቶም ከቕርቡ እንከለዉ፡ገለ-ገሊኡ ዝንብዑን ታሪኻዊ መሰረት ዘይብሉን ታሪኻዊ ትሕዝቶ ዘሎዎም መደባት ናብ ሓፋሽ ህዝብታት ክዝርግሕ ትዕዝብቲ ብዙሓት ምኳኑ ዝእመን'ዩ።ኣብ ኣደባባይ ተኾነ ዝፍለጥ ጉዳይ'ዩ እብል።

ካብ'ዙይ ኹሉ ትረካታትን ምሕዞታትን ንኽንደይ እ'ኳ ቢል'ካ ክትእርምን ክትነ'ቕፍን ግና-ሲ ኣብ ናይ ሎሚ ዛዕባይ ንጕዳይ ወልቃይት ዘተኵረ ብምግባር ክግድቦን ሕፅሮን ክፍትን'የ።

ኣቶ ግርማይ በርሀ ዝተብሃለ ዉልቀሰብ ኣብ መዳይ ዓውደ ታሪኽ ኣብ ሕሉፍ ታሪኹ ኸኣ ኣብ መዳይ ሥነ-ጥበብ ብዕቱብ ብምንጣፍ ዝልለይ ወክፍ'ዩ።ኣብ ዳሕራይ ዘመን ድማ ታሪኽ ተኰር ፅሑፋትን ኣሳእልን ናብ ሓፋሽ ከም ዝዝርግሕ ተ'ኸታተልቱ ዝፈልጥዎ`ዩ።

መምህር ግርማይ ድማ ኣብ ገለ ታሪኻት ኣድሂቦም ኣብ ዘልዕልሉ ኣጋጣሚታት፡ኣብ ለሰ ወግዕታቶም ሕልፍ-ሕልፍ ቢሎም ይጠ'ቕስዎ`ዮም፣ኣብ መፅሓፎም ተ'ኾነ ዝተጠቐምሎም ኣሳእል ከም ዘሎዉ የውስኡ እዮም።

ኣነ`ውን መምህር ግርማይ ገብረፃድ'ቕ ብዛዕባ ኣቶ ግርማይ በርሀ ኣድሂቦም ብዘውግዑኒ፡ኣብ ዝማእማኣኒ እናሓለፍኩ፡ንዝልጥፎ ፅሑፋትን ኣሣእልን ክ'ኸታተል እፍትን'የ።ነዛ ብዛዕባ ወልቃይት ኣድሂቡ ዝፀሓፉን ንመራ'ኸቢ ብዙሓን ክልል ኣምሓራን ግብረ-መልሲ ዝሃበላን ኸኣ ኣቐዲመ ኣንቢበያ እ'ኳ ተነበርኩ፣መምህር ግርማይ ገብረፃድ'ቕ ደዊሎም "እዛ ግርማይ በርሀ ለጢፍዋ ዘሎ ግርምቲ ዝኰነት ታሪኻዊ መሰረት ዘሎዋ ፅሕፍቲ ረ'ኺብካያ ዲ'ኻ፧" በሉኒ።

ኣነ ደማይ ኣንቢበያ ምንባረይ መለስክሎም።ንሶም "በል ፅቡ'ቕ ጠመተ ገይር'ካ ተ'ኸታተሎ ኢ'ኻ! እዙይታት ኢ'ኻ ኣተኵሮ ክትገብረሉ ዘሎ'ኻ ዝመስለኒ!"-ብምባል ኣባታዊ ዝኰነ ለበዋ ከም ወትሩ መጠውኒ`ዮም።ብታሪኽ ኸኣ ዋዛን ፈዛዛን ክህልው የብሉን ዝብል እምነት ስለ ዘሎኒ ኸኣ፡እንሆ ለበዋ መምህር ግርማይ ከም ለበዋ ደዚደራታ ሓንጎፉይ ቢለ ተቐቢለዮ ኣሎ'ኹ እብል።



ደዚደራታ ካብ ጥንታዊ ዝኾነ ቋንቋ ላቲን ዝተወርሰ ቃል'ዩ።እዙይ ማለት ድማ ሃረርታ ዝግበር ጉዳይ ወይ ድማ ዝበሃጉ ነገራት ወይኸኣ ለበዋ ማለት'ዩ።እዚ ብሥነ-ግጥማዊ ሣዋያ ዝቐረበ ወይ መልክዕ ዝሓዘ ለበዋ ኸኣ ብሓደ ኣሜሪካዊ ጸሓፋይ ማክስ ኤሂርማን ዝተብሃለ፡ኣብ ዓመተ 1927 ዓ/ም/ፈ. በቲ ፀሓፋይ እቱይ ዝተጻሕፈ'ዩ።

እዝክር ኣብ ዓመተ 1979 ዓ/ም ቆልዑ ኾይና ኣብ ድንኳን እንዳ ወ/ሮ ዘውዲ-እዛ ፅሕፍቲ ተለጢፉ ነይራ'ያ።ካልእ ሓንቲ ደስ ትብል ድማ "ኦም ረኺብ ኢልኻ ኣይተፅልል፣ጓና ፈትዩኒ ኢልኻ ሓውኻ ኣይተቓልል!" ትብል ተኾነ፡ንፈለማ እዋን ኣብ መናድቕን ባንኮኒን እታ ድኳን ምስ ኣንበብኹ ፍሉይ ጦብላሕታ ክፈጥረለይ ንድሕሪት ተመሊሸ ትዝ እብለኒ'ዩ።

ቕድሚኡ ኣብ ዝነበረ ዓመታት ብፍላይ ኣብ 1977-78 ኣብ መንደቕ እታ ድኳን ክምንባራ ኣይዝክርን'የ።ትዝ እውን ኣይብለንን እዩ።

ኣብ ከተማ መቐለ ወናኒ ዮርዳኖስ ሆቴል ኣባል ሥድራ ዩርዳኖስ ብሉ ዝኾነ ኣቶ ዮሴፍ ኣብራሃ-ወለዱ ወነንቲ እታ ድኳን ምንባሮም እዝክር'የ።ብዙሕ ጦብላሕታ እውን ኣሎኒ`ዩ።እቱይ ምንታይ-ሲ ሳሙኤል ኣብራሃ ሓዉ ኣብ እንዳ ሚካኤል (ሰኒታ)፡ትምህርቲ ምህሮ ኣቡጊዳ ብቐሺ ኣፈወርቒ (በዓል ዓድዋ) ክንመሃር ከሎና፡ መማህርተይ ብምንባሩ፡ብገዝኦም/ድኳኖም ኣብ ሓደ ብምንባሩ፡ንሕና እውን ብሓደ ንኸይድ ብምንባርና እዘን ጥቕስታት ተለጢፈን ኣይዝክረንን`የ።

ነዙይ ሓሳብ እዙይ ዘምጻእክዎ ነገር ተሃልዩ፡ኣደይ ዘውዲ ቆልዑ ዝፈትዋ ለባም ኣደ ብምንባረን-ኣብ ታሪኻዊት ዓዲ ዝኾነት ኣኽሱም ትውልዲ ስለ ዘሎወን (ብዜግነት ኤርትራዊት) ኸኣ እመስለኒ-ንሰን፡ነቶም ልቢ ገይርና ህ-ህ ኢልና ንሰምዐን ዚነበርና፡ኰተቴታት ታሪኽ ክነግረና ባህ እብለን ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ኣደይ ዘውዲ (ርግእ ኢለን ምዝራብ ዘዘውርትራ) ምስ ማማ ገዛችን (ጓል ሽረ) ኰይነን ብዛዕባ ጀነራል ሓይሎም ኣርኣያ ከውግዓ ነበራ።(ሓዲኦን ዘመድ ምኳነንን፡ደሓር ልቢ ምስ ገበርኹ ኸኣ ሓየሎም ኣርኣያ ተምሃራይ ከሎ ናብ'ዙይ ከባቢ እዙይ ሞቶር ሳይክል ተወጢሑ ይመፅእ ምንባሩ ሰሚዐ ኣሎኹ።)-ማማ ዘውዲ ንዓይ ቆልዓ ኢዩ እንከይበላ፡ ሳሕቲ ድማ ኣዝየን ሮጓድ ብምንባረን ድኳነን ክሕልወነን ይነግራኒ እሞ ነቲ ጥቕስታት ኣብ ድኳነን ተለጢፉ ዝነበረ ኣተኲረ እናሻዕ ተመሲጠ ከንብቦ ኣስተውዒለን ግዲ፤ኣበርቲዐን ከንብብን ኣብ መዳይ ትምህርቲ ክነፍዕን ይመክራኒ ነበራ።መንግስተ ሰማይ የዋርሰን!

ኣብ'ቱይ ዝገብርኦ ዝነበራ ወግዕታት ደማይ ወልቃይት ማለት መሬት ትግራይ ምኳኑን ዝኾነ ካብ ማእከል ትግራይ ይኹን ካብ ቤጌምድርን፣እንተላይ ካብ ሓማሴን፣ካብ ሰራየን ኣከለጉዛይን ወዘተ ከብቲ ሳዕሪ ከብልዑ ወይ ማይ ክስትዩ ይኹን ሰብ ዝቐተለን ዝሸፈተን ሃዲሙ ናብ ወልቃይት ኸይዱ ኣብቱይ ልሙዕ መሬት ወልቃይት- ዝነብርሉ ዓዲ ምንባሩ-ኣብ መጋርያ ወግዐን ከውስኣ ትዝታት ዕድመ ኮተቴነተይ፡ ከም ቀስቲ ኣብ ሕዪይ ኣሎኒ።

ብዛዕባ ማማ ዘውዲ ዓባይ ሰብ ኣድሂበ ዘሎኒ ብዙሕ ተዘኽሮታተይ ሓደ መዓልቲ ክፅሕፍ ተስፋ እናገብርኹ።ናብ ዋና ቁውም-ነገረይ ከብለኩም እፈቱ።እዙይ "ለበዋ ደዚራታ" ፍቱውን ዝውትሩን ብምንባሩ መስለኒ፡ ወላ'ውን ኣብ ባር ሓረጉ ማማ ሓረጕ፡ማማ ሓረጉኡ ሃይለ ቕድሚ ምዕራፈን ተኾነ ኣብ መንደቕ ባረን ንሓጺር እዋን ተሰቒላ ምንባራ ብምዝካር`ዩ።

እዙይ ጥቕስታት እዙይ ብፍላይ ድማ ለበዋ ደዚደራታ፡ ኣብ እንዳ ማማ ዘውዲ ብምንባሩ ዘልዓሎን ምስ ለበዋ መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ ብምትሕሓዝ ዘንቀሎ ዛዕባ ብምኳኑ ክተናኽፎ ምቕሳበይ እናውሳእኹ፣ሎሚ'ውን ተኾነ ኣገዳሲ ተራ ኣሎዎ እዙይ ለበዋ ደዚደራታ በሃሊ እየ።እንተላይ ኣብ`ዙይ እዚ ጊዜ እዙይ ረዚን ለበዋ ከም ምኳኑ መጠን፡ንዓና'ውን ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ብዙሕ ጠቓሚ ነገራት ኣለዎ'ሞ ነንበቦ ክብል እፈቱ።

እው፡ብዕለት 5 ሚያዝያ 2022 ዓ/ም/ፈ፡ኣቶ ግርማይ በርሀ-ነዙይ ዝስዕብ ፅሑፍ ምስ እዛ ናይ ኣምሓራ መራኸቢ ብዙሓን ዝዘርግሕዋ ኣተሓሒዙ ዝለጠፉ ሓበሬታ እዛ ጥብቆ ኣጣቢቁ ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪብዎ ዝነበረ ከቕርበልኹም'የ።

" ከወልቃይት ጸገደ 'ጠገዴ' ታሪክ ባህር በጭልፋ




የኣባታችንን የናይዝጊን ቤተመንግስት ታሪክ ዘርፈው «ኣያና እግዚእ» ብለው ለመጥራት ቅንጣት ላላፈሩት ወራዶች።

በኣጼ እያሱ ዘመን የወልቃይት ዓዲ ረመጽ ገዢ (1682-1706) ደገዝማቲ ናይዝጊ እንደነበሩ። ትግራዋይ ወልቀታዩ ደገዝማቲ ናይዝጊ በወቅቱ የባምቦምላሽ ገዢ ከነበሩት ደጊያት ማሞ ጋር በግብር ሃይለኛ ጸብ ፈጥረው ደጊያት ማሞ እንዳቸነፏቸውን እንዳሰሯቸው።

ከጥቂት ዓመታት በኋላ ደጊያት ናይዝጊ ተፈተው በደጊያት...ማሞ የባምቦምላሽ ገዢ ስር ወልቃይት ጸገደን እንዲገዙ መሾማቸው።

ለእርቅና ደም ማድረቅያ የደጊያት ናይዝጊ ወንድ ልጅ የደጊያት ማሞን ሴት ልጅ በጥንታዊቷ የወልቃይት ቀየ ዓዲ ረመጽ እንደተጋቡ።

በደጃች ዉቤ ዘመን የወልቃይት ገዥ የነበሩት ታደለ ሃይሉ ዘራቸው ከ ደጊያት ማሞና ደጊያት ናይዝጊ ዘር እንደሚመዘዝ ባዕዳዊያን ተጓዦች በዘገባዎቻቸው ሃገር በቀል ጸሃፊዎች በገድሎቻቸው እንዳሰፈሩት ግልፅ ሆኖ እያለ 'በወልቃይት ቆላው ሰው ኣልነበረም ጠፍ ነበር ህዝቡ የሚኖረው በደጋው ነበር።

እነዚህም ኗሪዎች ደግሞ ሙሉ ለሙሉ ኣማሮች ነበሩ የሚሉት ዋሾ የኣማራ ልሂቃን በለስ ቀንቷቸው ወልቃይትን ከሓማሴን ወረበሎች ህግደፍ ጋር በማበር ወረው የናይዝጊን የልጅ ልጅ ልጆች በዘር ማጽዳት ወንጀል ጨፍጭፈዋል።




ዓዲ ረመጽን ጨምሮ በደጋውና በ ቆላው የሚገኙ ጥንታዊ 'ደምበ' ቀየዎችን ያቀኑ ተጋሩ እንደነበሩ ተክዶ ጥላቻ ብቻ የትግራይ ግዛት ከተከዘ ኣልፎ ኣያቅም እያሉ ሲመጻደቁ ኣሁንም ይሰማሉ።

የፌዲራሊዝምን ስርዓት ያቀናው ኢህኣዴግ ወልቃይት ጸገዴን ቃፍታ ሑመራ ወደ ትግራይ እንዲካለል ያስወሰነበት ኣመክንዮ፣ወልቃይት የደጊያት ማሞና የደጊያት ናይዝጊ ግዛት ስለነበር ሳይሆን ሕዝብንና ቋንቋን መሰረት ኣድርጎ ሰለሆነ ህዝቡን እስከያዘ ድረስ የጽንፈኞች ክብሪት በወንድማማች ህዝቦች መካከል ጦርነት መለኮስ የማይችል መስሎን ተዘናጋን።ስሕተቱ ኣይደገምም።ወልቃይት ፀገደ የትግራይ ግምጃ በቅርብ ትለብሳለች።

የዘር ማጽዳት ጭፍጨፋ ሰማእታት ይዘከራሉ። ...ነገ::~"

ክቡራት ኣንበብቲ፡እዛ ስልእሊ ካርታ ትግራይ ኣብ መበል 19 ክፍለዘመን ኣብ ፅሑፍ ኣቶ ግርማይ በርሀ ኣእትየያ ዘሎኹ፡ኣብዙይ ሳልስቲ ተዘርጊሓ ዘላን ባዕሎ ኣቶ ግርማይ ኣርትየን ገይሩ ካብ ዝለጠፋ ዝተረኽበን መሰነይታ እቱይ ፅሑፍ ዝገበርኽዎ እየ።

ኣብ ዝቕፅል ፅሑፈይ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ተርጒመን ክቡር ኣቶ ብእምነት ገብረኣምላኽ ከም መምህር ቋንቋን ሥነ-ፅሑፍን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲ ነበርን-ብዛዕባ ወልቓይትን ኣብ ወልቓይት እንታይ ቋንቋ ይዝውተር ነይሩ ኢሉ ቕድሚ ፍርቒ ዘመን ኣቢሉ ካብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ቆንጪ.በ ናበኹም ከብል እየ።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ንሎሚ ከም ለበዋ ደዚደራታ፡ንለበዋ መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ ርዒመ፡ እዛ ፅሕፍቲ እዚኣ ከም ንእሽትለይ ኣበርክቶ ናባኹም ኣቢለ፤ፕሮፌስር kjetil Tronvoll፡ኣብ ጉዳይ እዙይ ሓድሽ ዝተረኽበ ካርታ ወልቃይት ኣድሂቡ፡ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታቱ ካብ ዝለጠፎ ናባኩም ብምባል እየ።



ከም'ታ ለበዋ ፕሮፌስር ከጂትል ትሮንቮል ድማ ከየማዛባዕኩን ከይጠዋወኹን ናብ ኣንበብቲ ከቕርቦ ከም ዝክእል ፍቓድ ስለ ዝሃበኒ። እንሆ ከም-ዘለዎ ንፅሑፉ ናባኹም ኤቕርቦ ኣሎኹ።

~"THE HISTORICAL "JUSTIFICATION" FOR CONTINUED CIVIL WAR IN ETHIOPIA

The struggle over defining which moment in history should be the starting point to address, understand, and solve contemporary conflicts, is often obfuscating conflict resolution, as the case of the status of **#Welkeit** in **#Tigray**, **#Ethiopia** illustrates.

Tigray and Amhara politicians and activists have both claimed historical control over currently defined **#WestTigray** (often termed Welkeit). The Ethiopian constitution of 1995 defines the regional states in Ethiopia, as they were deleniated during the transitional period. Welkeit / West Tigray then became part of Tigray, a position disputed by Amhara political leadership today.




Amhara activists and other pan-Ethiopian nationalists reject the legitimacy of the current Ethiopian constitution, as its main drafter was **#TPLF**. They argue that Welkeit / West-Tigray used to be part of Gondar province before the **#EPRDF** government reconfigured the country into a federal system and designed the new regional states.

So, the current crux of the matter is how far back in time one should go to prove «historical belonging» or autochthony (i.e. «ownership")? Tigray and Amhara activists have made references to old maps, census data, & historical place names, in defending their right to rule this part of Ethiopia.

Now, a Dutch research team headed by prof. Jan Nyssen has discovered a German made map from 1849 clearly stating that Welkeit was part of Tigray region in what was termed "Habesh" i.e. Ethiopia. Amhara region is also clearly delineated.
(See https://zenodo.org/record/6480926#.YmZti9pByUk)

One should obviously be careful in interpreting such ancient maps on its face value, there may be many misinterpretations and misrepresentations included in reproducing local identities and belonging by European explorers traversing Africa in the 17th century. However, it gives an indication on how the terrain was delineated into politico-administrative entities at the time.

Now the question is whether Amhara activists will manage to find an even older map

stating the opposite, that Welkeit is theirs and not Tigrayan.

We should also keep in mind that similar "disputed" territories are found across the country between the various regional states. Particularly worrying is the territorial disputes between Amhara and **#Oromo** - a conflict dynamic which is escalating over the recent weeks.

Ethiopia is the oldest polity in Africa south of Sahara, its political history stretching back millenniums. It will thus be a never-ending conflict to use selective historical items to justify contemporary wars and atrocities.

A negotiated settlement to the numbers of **#civilwars** fought in Ethiopia seems at this time hard to find; but for starters to re-draw politico-administrative entities with force and ethnic cleansing is surly not an optimal strategy to achieve sustainable **#peace**. "~

**በሉ ወደሓንኹም-ኣይተስተዋሕድዎ ኢኹም ብምባል ክፍለየኹም`የ።**